




# 20 ዓመት ሓበን፡ ሳላኹም ሰሪርና !

ፋናኹም ደይኮነን ኣድማስ ዝወለዐ

ንጸልማት ቐንጢጡ ብርሃን ዝኾለዐ

መሰልና ክኽበር ባይታ ዘጣጠዐ

ወሰንቲ መሰልና ክንኮን ዝደረዐ

 ከመይ ዘይንኹላዕ ከመይ ዘይንውላዕ

 ፍትሒ ኣብዘይብሉ ዓለም ንቅድሚት ክንስራዕ

ዓወትኩም ደይኮነን ኣብዚ ዘሳገረ

ብረታዊ ቃልሲ ልምዓት ዝቐየረ

ሃዋሁ ናይ ርግኣት ወትሩ ዝፈጠረ

ቀጻሊ መንነት ዋሕስ ዝገበረ

 ከመይ ዘይንኣሊ ስድራኹም ደቅኹም

 መብጽዓ ደይኮነን ንሕና ክንፈድየኩም

ግርማኹም ደይኮነን ዓለም ዘንቀጥቀጠ

ዝመጸ እንተመጸ እንዳተገልበጠ

ብዶብ ኣሳቢብካ ሽርሒ እተለኽበጠ

ናብ ግብረ ሽብራ ስሙ እንዳለወጠ

 ከመይ ዘይሰዓርና ስዒርና እምበሪ

 ብኣጋ ክሰምር ናይ ስውኣትና ሕድሪ

ጽንዓትኩም ደይኮነን ዓወት ዘመስከረ

ንኹናት ብኹናት ዶብና ዘነጸረ

ሚድያ ዲፕሎማሲ ሕጊ ዘዐንተረ

ኮፊ ኣናን ፍሬዘር ሱዛናት ዘሕረረ

ከምይ ዘይንጸንዕ ምጽናዕ ‘ተበሉኻ
መስዋእቲ ከፊልካ ሃውኻ ሃፍትኻ
ሓቦኹም ደይኮነን መትከልና ዘትረረ
ዘይፍትሓዊት ዓለም ወትሩ ዝወጠረ
ኣብ ኣፍሪቃዊ ዓለም ታሪኽና ዘኽበረ
በዓል በትሪ ሓቂ ምኻን ዘመስከረ
ከመይ ሓቦ ዘይንብል ናይ’ቦ ደይኮ’ናን
ወልደኣብ ወልደማርያም ዓዋተ ኢብራሂም ሱልጣን
እምነትኩም ደይኮነን ሕውነት ዘሕደረ
እስላማይ ክርስትያናይ ሓድነት ዘትረረ
ብሓደ ምሕላፍኩም ንክተፍርዩ ፍረ
ህዝብኹም ክሳተፍ ከም ህዝቢ መዓረ
ከመይ ዘይንስዕር ንስዕር ዳኣ’ምበር
ክሳድና ኣቕኒዕና ወኒ’ናያ ሃገር
ማሕላኹም ደይኮነን ሃገር ዘዋፈረ
ምክልኻል ምፍራይ ሽነት ዝፈጠረ
ዋርሳይ ይከኣሎ ወፍሪ ዘዋፈረ
ነብስኻ ምኽኣል ራእይ ዘነጸረ
ከመይ ዘይንምሕል ተሰኪምና ሕድሪ
ምልኣት ክህልዎ ደሊብና ብነድሪ
ስጋኹም ደይኮነን ዝተመታተረ
ናይ ኣመሪካ ሽርሒ ከንቱ ዝገበረ
ዓጽምኹም ደይኮነን ዝተሰባበረ
ናይ ሶቭየት ዓጽዋራት ሙዝየም ዝቐየረ

ጂማትኩም ደይኮነን ዝተበታተኽ

ጽውጽዋይ ሰለስተ ሽሕ ወትሩ ዘምበርከኽ

መትንኹም ደይኮነን ዝተሓላለኽ

ሕልሚ ዓባይ ትግራይ ከም ትኪ ዘትከኽ

    ከመይ ዘይንሰርር ሰሪርና እምበሪ

    ዓለም ከድንቖና ጠጢዕና ብግብሪ

    መኽተ ሰጊርና ልምዓት ክነውሪ

    ረድኤት ጽግዕተኛነት ጌርናዮ ነባሪ

ከመይ ዘይንሰርር ሰሪርናን ፈረቓን

“ጎብለላት” ዕሱባት ኣፍሺልናን ኣውዲቕናን

ታሪኽና ዓቍብና ክሳድና ኣቕኒዕናን

ዓለም ለኽ ሸርሒ ብሓደ መኪትናን

ኣሎና ሎሚውን ብክብረትና

ሳላ እታ ኮርዒዳ፡ ሳላ'ቲ ጅግና !

ከምቲ ዝወፈኹም ህይወትኩም ንዓና

ቅሰኑ ሰማእታት ሕድሪኹም ህይወትና !

    ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና !

    ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !

ኣማኑኤል ተስፋማርያም
መዓልቲ ስውኣት ኤርትራ፡ 2011
ሳን ሆዘ፡ ካሊፎርንያ